ሰብ ዝለመደ ዝብኢ
ኣብ ኣፍ ገዛኻ መጺኡ ይንቁ
ንህዝቢ ኤርትራ እንዳ ኣዳቐቑ
ኢትዮጵያዊያን ሕድ ሕድ ይዕረቑ፣

ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት
ምስ ኢሱ መስሪትና ሕውነት
ሕቶ ዶብ ኣይሃብናዮን ቀዳምነት
ተደምርናል ሽም ቀይሩ ኣንድነት፣



ጉዳይ ዶብ ወንዚፍካ ንኢትዮጵያ
ኑታጉ ከጽረኻ ነስመራ ጉያ ጉያ
ሂወት ዕሽላት ክትወስድ ሪኢናያ
ብኣቢይ ብኣርዮስ ኣደታት ይበኽያ፣

ኣይበልናን ዶ ሃለማርያም ደሳለኝ
መምህሩ ንዶክተር ኣብይ
ብታሕቲ ታሕቲ እዩ ዝዓይ፣

እወ ንሱ ናይ ተቃውሞ ቲቪ ዝዓጸወ
ኣብ ኮምፒሽታቶ ሸናዕ ክብል ሪኢናዮወ
ሃይለማርያም ካብ ኣስመራ ንዚንባብወ
ንዲክታቶራት ክእክቦም ክዓርቆም እወ
ንመንግስቱ ንኢሰያስ ብደም ዝጨቀወ፣

ሃይለማርያም ንጠቕሙ ኅሪሑ
ኣብ ቦታ ኢሰያስ ኮይኑ ሰሪሑ
ነስመራ ኣትዩ ወንጌል ኣምርሑ፣

*ንወንጌል ቁርኣን እምነት ዘለዎ*
*ህዝቢ ኤርትራ ዓሻ መሲልዎ*
*ንውዲትኩም ቀድም ሲዒርዎ*
*ዛንታን ታሪኽናን ኣበይ ኢልዎ*
*ወንጌል ሰቢኾም ክፈላልይዎ፣*

*ክልተ ኀራሕት ሐኹምሽት ስንቆም*



*ብኢሰያስ ሐሲሩ ናይ ጀጋኑና ደም*
*ሰኣን ብሐሙሽተ መኣዝን ንስጉዶም*
*ጽባሕ ውን መንግስቱ ነስመራ ይዕደም፣*
*ኣታ ህዝቢ ክሳብ ማዓስ ዩ ትም ሕትም፣*

*መራሕቲ ትግራይ ከይተመክሑ*
*ብቅንዕና እንተ ዝሰርሑ*
*ሽግር ዶብ ኣንጊሆም ምፈትሑ፣*

*(ኣይኮነን ዶብ ግራት እኳ ደረት ዘለዎ)*
*ምድማር ምድማሩ ምስ ተጋሩ*
*ቀሊል እንተ ዝኸውን ነሩ*
*ጀርመን ምስ ኦስትራሽ ምሰመሩ*
*ኤርላድን ምስ ብሪቲሽ ምሐበሩ፣*

*ኤርትራዊያን ምስ ተጋሩ*
*ከም ኣሐት ክትካባበሩ*
*ቅድም ዶብኩም ኣኽብሩ፣*

*ሹዑ ካብ ጫፍ ናብ ጭፍ*
*እቶም ብዶብ ዝራኸቡ*
*ሹዑ ኣብ ሩባ ይእከቡ*
*ከም ቀደሞም ክዋሰቡ;*

*እቶም ክልተ ኢሮብ*
*ከም ቀደም ብዶብ;*
*ዶባቶም ኣኽቢሮም*
*መመሬቶም ሒዞም*
*እዋሐስ ኣግብእ ይዓርቆም፣*

*ኣለዋና ኣለዉና ኤርትራ ንኤርትራዊያን*
*ንመኖም ኪሒድካ ንመኖም ክትኣምን*
*ንኢትዮጵያ ቅንጣብ ሜሬትና ኣይንህብን*
*ውድቀት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን።*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ፣ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና፣ብዉሽጡ ሑሩር ኣባል ተሐኤ፣ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*